# ኤርትራውያን ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን፡ መዓልቲ ስውኣት 20 ሰነ፡ ብሓበን ዘኪሮም!



ስድራ-ቤታት ኤርትራውያን ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ መሪላንድን ቨርጅንያን፡ ነታ ረዛን ክብርቲ ዕለት መዓልቲ ስውኣት 20 ሰነ፡ ከም'ቲ ዝግብኣ ልዑል ግርማን ክብርን ብምሃብ፡ ኣብ ቀጽሪ ሐወልቲ (Monument) ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ ተዘኪሩ ኣምስዩ።



እቲ ብዋሕዚ ኣሽሓት ዜጋታት ዝማሞቐ ምትእኽኻብ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ናይ ሰላሳ መሪር ዓመታት ገድሊ፡ ብሓቦን ጽንዓትን ተጋዲሎም፡ ሂወቶም ከፊሎም ብህይወት ክንነብር በጃ ዝተሰውኡ ሓርበኛታት፡ ከምኡ'ውን ነቶም ስዒቦም ንሉዓላዊነት ሃገር ንምውሓስ፡ ንራህዋን ቅሳነትን ሃንቀው እናበሉ፡ ግን ከ ንድሕሪት ከይጠመቱ ክንነብር ከይበሉ፡ ብጅግንነት ኣብ ኣሰር ቀዳሞት ጀጋኑ ዝተሰውኡ ዋርሳይ፡ ምእንቲ እቲ ዝኸፈልዎ ክቡር መስዋእቲ፡ ምእንቲ እቲ ንህዝቦም ዝሃቦም ልዑል ፍቕርን ለውሃትን፡ ምስጋና ከዕርግ፡ ንክብሩ ተምበርኪኹ ክጽልይ፡ ዝኸርታት ጀጋኑ ከስተንትን፡ ብሓባር ቆልዓ ምስ ዓብን ኣብ ሓደ ቕርዓት ወጺኡ ሽምዓ ወሊዑ ኣምስዩ።

ገሊኡ ናይ ስውኣት ጀጋኑ ስእሊ ብናፍቖት ዝሓቖፈ፡ ገሊኡ ነታ ዝተበጀውላ ባንደራ ዘንበልብል፡ ገሊኡ ነታ ኣብ በረኻታት ዝረገጽዋ ሽዳ ኣብ ኢዱ ዓቲሩ ብጽሞና ክዕዘብ፡ ገሊኡ'ውን ነታ ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ህይወቶም ካብ ዕጥቆም ዘይፈልዩዋ ሰታሪት፡ ብህይወትን መስዋእትን ዝግነዙላ ነጻላ እንኮ ንብረት ተጋደልቲ ጥውዮ ነጻላ፡ ንምልክት ጽንዓት ኣብ ኣፍ-ልቢ ኩሉ ዜጋ ተሰኺዓ፡ እቲ ህድኣት ዝዓሰሎ ሃዋሁው፡ ብውሽጣዊ ንብዐት ዝተዓብለለ ጽሞና፡ ብረቒቕ መንፈስ ናይ ምርእኣይን ምዝርራብን ምርኻብን ህሞት ኮይኑ፡ ንኤርትራውያን ዝተዋህበ ፍሉይ ጸጋን ትዕድልትን ምንባሩ ንፈላጢኡ ምስጢር ኣይነበረን።




ኩሉ ምእንቲ ክብሮም ዘሚሩ፡ ጸልዩ፡ መልእኽቲ ቅሳነት ኣመሓላሊፉ፡ ሕድሮም ክስከም መብጽዕዑ ብዓውታ ኣረጋጊጹ፡ ምእንቲ እቲ ዝተሰዋዉእሉ ዕላማን ራእን ሕድሮም ከኽብር፡ ክምክት ቃሉ ኣሐዲሱ፡ ኣብ ህንጸት ብልጽግትን ምዕብልትን ኤርትራ እጃሙ ክተዓጻጸፍ ድልውነቱ ዳግም ኣሐዲሱ።

ዝኸሪ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ ኣቐዲሙ ብዕለት 16 ሰነ፡ ኣብ ማእከል ኤርትራውያን ሽምዓ ብምብራህ እዩ ተጀሚሩ ቀንዩ። ኣብ'ቲ ምሸት ዝተወልዐ ሽምዓታት ክሳብ ዕለት 20 ሰነ ብቐጻሊ ክበርህ ድሕሪ ምቕናይ፡ ዕለት 20 ሰነ ድማ ኣብ'ቲ ሰፊሕ ጎልጎል ቀጺሉ።



ኣብ መእተዊ'ቲ መደብ ነቲ ዝኸሪ ዝምልከት ብኣቦ ወንበር ኣዋሃሃዲት በዓላት ሽማግለ መግለጺ ምስ ቀረበ፤ ኣስዒቡ ኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ብስም መንግስቲ ኤርትራ ቓል መልእኽቲ 20 ሰነ ኣመሓላሊፉ። ንስድራን መቕርብን ስውኣት ድማ ብዝግባእ ክሕብሓቡ ለበውኡ ኣመሓላሊፉ።



ብምክትታል፡ ንኽብርን ድምቀትን እቲ ዕዙዝ መደብ፡ ብዝተፈላለያ ማሕበራት፡ ብስም ኤምባሲ ኤርትራ፡ ሃማድኤ፡ ማሕበር መንእሰያት ህግደፍን ሕድርን ንኽብሪ ስውኣት ኣኽሊል ዕምባባ ኣንቢሮም። ዝተፈላለዩ ምኩራት ስነ-ጥበባውያን፡ ቖልዑ ኣብዚ ሃገር ተወሊዶም ዝዓበዩን ዘዳለውዎ ደርፍን መዛሙርን እውን ቐሪቡ።

ከምኡ እውን ንዝናን ጽንዓትን ሓርበኝነትን ስውኣት ጀጋኑ ዝምጉስን ዘድንቕን፡ ዝተፈላለዩ ግጥምታት ኣከታቲሉ ተነቢቡ፡፡ ነታ ናይ ዝኽርን ሓበንን ዕለት ድማ እቲ ዝግብኣ መጎስ ረኺባ።



ቅድሚ እቲ መደብ ምዝዛሙ፡ ህዝቢ ሽምዓ ኣብሪሁ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምግባር፡ ብሰላምን ምድፍናቕን ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ክብርን መጎስን ንስውኣትና፡
ኤርትራ ብናጽነታ ንዘልኣለም ትንበር!